

Foto: Hans Runesson

# ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ንሓደስቲ ስደተኛታት

**ኮርስ ዝጅምረሉ እዋን:** ኣብ ዝኾነ እዋን ምጅማር

**እተመልክቱሉ ግዜ:** ዓመት ምሉእ

**ምልክታኹም እትልእኩሉ ኣድራሻ:**
Växjö kommun
Arbete och välfärd
Växjölöftet vuxenutbildning
Box 1222
351 12 Växjö

ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን ንሓደስቲ (ኤስ - ኤፍ - ኢ) መባእታዊ ትምህርቲ ቋንቋ ሽወደን። ኣብዚ ኮርስ ብዛዕባ ሕብረተ - ሰብ ሽወደን ውን ትመሃሩ ኢኹም።

እዚ ኮርስ ነቶም ሽወደን ቋንቋ - ኣዴኹም ዘይኮነ ሰባት ዝቐንዐ እዩ። ኤስ - ኤፍ - ኢ. ምምሃር እትጅምሩ፣ ፐርሹን - ናምበር (ኣርባዕተ - ቁጽሪ) ወሲድኩም፣ ኣብ መዝገብ ተቐማቶ ከተማ ቬክኾ ድሕሪ ምምዝጋብኩም እዩ። ዜጋታት ሓንቲ ካብ ኣባል ሃገራት ኣውሮጳዊ ሕብረት ዝኾኑ ኣብ ቬክኾ ዝምቅማጦም ሰባት ውን ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ካብታ 16 ዓመት ዝመላእኩም ምስ እትኾኑ፣ ኤስ - ኤፍ - ኢ. ክትመሃሩ ከተመልክቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ትምህርቲ ብነጻ እዩ ዝወሃበኩም።

ብመሰረት መምርሒታት ቤት - ትምህርቲ ኣባጽሕ ቬክኾ ሎፍተት፣ ንስኹም ኢኹም ኣበይ ክትመሃሩ ትደልዩ እትመርጹ። ኣብ ሓንቲ ካብተን ብምምሕዳር ከተማ ቬክኾ ዝተኣምነለን ቤት - ትምህርታት ክትመሃሩ ትኽእሉ ኢኹም። ነዓኹም ዝሰማማዕ ቤት - ትምህርትን ኣገባብ ትምህርትን ናይ ምምራጽ ዓቢ ዕድል ኣለኩም። እዚ ዕድል`ዚ ኸኣ ነቲ ቋንቋ ናይ ምምሃር መደብኩም፣ ምስ ስራሕ፣ ልምምድ - ስራሕ ወይ ውን ካልእ ትምህርቲ ከተዋስብዎ ዕድል ይፈጥረልኩም።

ኣብ ኤስ - ኤፍ - ኢ. ሰለስተ መኣዝናት ትምህርቲ ኣለዉ፥

• ቀዳማይ መኣዝን ትምህርቲ ( Studieväg 1) - ነቶም ብቋንቋ ኣዲኦም ክጽሕፉን ከንብቡን ዘይክእሉን ወይ ውን ሒደት ዓመታት ጥራይ ዝተማህሩን ሰባት ዝቐንዐ እዩ። ኣገባብ ኣመሃህራ ጎሳስ እዩ። • ካልኣይ መኣዝን ትምህርቲ (Studieväg 2) - ነቶም ኣብ መባእታዊ ወይ ውን ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ዝተማህሩ ሰባት ዝቐንዐ እዩ። ልሙድ ኣገባብ ኣመሃህራ።

• ሳልሳይ መኣዝን ትምህርቲ (Studieväg 3) - ነቶም ኣብ ኣካደሚያዊ ትምህርቲ ተጸንቢሮም ዝነበሩ ጽቡቕ ናይ መጽናዕቲ ልምድን ባዕሎም ውን ክመሃሩ ዝኽእሉን ዝቐንዐ እዩ። ፈጣን ኣገባብ ኣመሃህራ።

**ቬክኾ - ሎፍተት (Växjölöftet)**
**ኣማእኽሪ ሞያን ትምህርትን (Vuxenutbildning, studie- och yrkesvägledare)**
ማእከል ውክሳ ቁጽሪ - ስልኪ: 0470-410 00 • ኢ. - መይል: sfi@vaxjo.se

**ቬክኾ - ሎፍተት (VÄXJÖLÖFTET) ትምህርቲ ኣባጽሕ**

ቬክኾ - ሎፍተት ብምትሕብባር ምምሕዳር ከተማ ቬክኾ፣ ቤት - ጽሕፈት ስራሕን ንግዳዊ ጽላትን ዝተማእከለ ተበግሶ ኮይኑ፣ ዕላምኡ ኣብ ከተማ ቬክኾ ዘሎ ስራሓውቲ ከምዝበዝሕ ምግባር እዩ።

**መርበብ ሓበሬታ፣ www.vaxjo.se/vuxenutbildning**